*ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ*

*ፈጻሚ ኣካል*

**جبهة الإنقاذ الوطني الإرترية**

**الهيئة التنفيذية**

***ERITREAN NATIONAL SALVATION FRONT***

***Executive Committee***

*ensf.ex@gmail.com*

---

# *ቃል ሓዘን!!*

*ክብርቲ ኣዴና ወ/ሮ ዘይነብ ዓሊ ኦና ሳልሕ ብሰንበት ዕለት 10/04/2022 ኣብ ከተማ ኣስመራ ብሞት ካባና ተፈሊየን፣ ብሰኑይ ዕለት 11/04/2022 ከኣ ሓመድ ኣዳም ለቢሰን።*

*ክብርቲ ኣደና ወ/ሮ ዘይነብ ወላዲት ተጋዳላይ ኣቡበከር ዓሊ መሓመድ ዓንተርን፣ ዋላዲት እቲ ኣብ ህዝባዊ ሰራዊት ሓርነት ኤርትራ ነጻነት ኤርትራ ንምርግጋጽ ተቓሊሱ ዝተሰወአ ጅግና ናስር ዓሊ ዓንተርን፣ ከምኡ'ውን ሓፍቱ ንእንጅነር ኢብራሂም ዓሊ ኦና ሳልሕ ኢየን። ነፍስሄር ኢንጂነር ኢብራሂም ዓሊ ኦና፣ ካብ'ቶም ልሉያት ኢንጅነራት ሪፋይነሪ ዓሰብ ዝነበረን፣ ምስ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ብዝነበሮ ዝምድና ተኸሲሱ ብስርዓት ደርጊ ብሕልፈት ዝተፈርደ ኤርትራዊ ተቓላሳይ ኢዩ።*

*ብሞት ክብርቲ ኣዴና ዘይነብ ዓሊ ኦና ዝተሰመዓንና መሪር ሓዘን ብምግላጽ፣ ብስም ኩሎም ኣባላት ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ፣ ንብጻይና ኣቡበከር ዓሊ ዓንተርን ንኩቡራት ደቀንን ደቂ ደቀንን ከምኡ'ውን ንኹሎም ኣሓዋተንን ቤተ ሰብ ብምሉኣቶምን ጽንዓትን ኣኻእሉን ይሃቦም፣ ንክብርቲ ኣዴና ድማ ልዑል ፈጣሪና ኣብቲ ሰፊሕ ጀንኡ ይቀበለን።*

*ፈጻሚ ኣካል*
*ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ*
12/04/2022